# ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ንኣባላት

# ዲፕሎማስያዊ ማሕበረ-ሰብ መብርሂ ሂቡ



ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ትማሊ 15 ጥቅምቲ፡ ኣብ ኣስመራ ንዝርከቡ ኣባላት ዲፕሎማስያዊ ማሕበረ-ሰብ፡ ብዛዕባ'ቲ ኢትዮጵያ ኣንጻር ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዒላማ ብምግባር ተካይዶ ዘላ ግህሰትን ጥሕሰትን፡ ከምኡ'ውን ጽልዋኡ ኣብ ሰላምን ርግኣትን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ መብርሂ ሂቡ። ሚኒስተር ዑስማን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ስርዓት ብልጽግና ካብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ጀሚሩ፡ “ልኡላዊ ኣፍደገ ቀይሕ ባሕሪ” ናይ ምውናን ሕልሙ ኣብ ተግባር ንምውዓል፡ ኩሉ ዓይነት ኣማራጺታት እንተላይ ሓይሊ ክጥቀም ምዃኑ ብተደጋጋሚ መግለጺታት ክህብ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ቅሉዕ ኲናት ኣዊጁ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ከም'ዚ ዝኣምሰለ ዘይሕጋዊ ተግባራት ንመትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዝጻረር፡ ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ 2018 ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዝተኸተመ ‘ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን’ ዝጥሕስ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ዝርከቦም ላዕለዎት ፖለቲካውያንን ወተሃደራውያንን ሰበ-ስልጣን ብልጽግና፡ ንልኡላውነት ኤርትራ ብምንጻግ ንቀይሕ ባሕሪን ወደብ ዓሰብን ንምቊጽጻር ክህብዎ ንዝጸንሑ መግለጺታት ኣብነታት ኣሰንዩ ምዝርዛር፡ እዚ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ከቢድ ስግኣት፡ ንዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ድማ ከቢድ ሓደጋ ምዃኑ ገሊጹ። ሚኒስተር ዑስማን ኣስዒቡ፡ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብፍላይ ድማ ዓንቀጽ 2(4)፡ ኣንጻር ግዝኣታዊ ሓድነት ወይ ፖለቲካዊ ናጽነት ዝኾነት ሃገር ሓይሊ ይኹን ምፍርራሕ ምጥቃም ከምዝኽልክል ብምዝኽኻር፡ ስርዓት ብልጽግና ኣንጻር ኤርትራ ዝኽተሎ ዘሎ ፖሊሲ ነዚ ብምልኣት ዝግህስ ከምዝኾነን ክውገዝ ከምዘለዎን ኣረዲኡ።

ብዛዕባ'ቲ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2022 ዝተኸተመ 'ስምምዕ ፕሪቶርያ' ኣመልኪቱ ድማ ሚኒስተር ዑስማን፡ እቲ ስምምዕ ኣብ መንጎ ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝተገብረ ምዃኑ ብምንጻር፡ ኤርትራ ኣካል ናይ'ቲ ስምምዕ ከምዘይኮነትን ኣብ ኣተገባብርኡ ዝኾነ ተራ ከምዘይነበራን ከምዘይምልከታን ኣረጋጊጹ።

"ስርዓት ብልጽግና፡ ኣብ ኢትዮጵያ ንዝርከባ ኣንጻር ኤርትራ ዝንቀሳቐሳ ዕጡቓት ጉጅለታት ብምዕቋብ ወተሃደራውን ሎጂስቲካውን ደገፍ ከምዝገብረለን ድሕሪ ምብራህ፡ ዞባዊ ግጭታት ዘጐሃህርን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንዝሎ ዘይርጉእ ኩነታት ዘጋድድን ወተሃደራዊ ንጥፈታት ኣብ ምክያድ ተጸሚዱ ከምዘሎ ኣገንዚቡ። ንምብታኽ ዲፕሎማስያዊ ርክባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክገልጽ ከሎ ድማ፡ ካብ ወርሒ ግንቦት 2026 ጀሚሩ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራ ንወግዓዊ ደብዳበታት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ምላሽ ምሃብ ከምዘቋረጸን ምስ'ቲ ሚኒስትሪ ርክባቱ በቲኹ ምጽንሑን፡ ብ8 ነሓሰ 2026 ድማ ንመንግስቲ ኤርትራ ከይሓበረ ዓጽዩ ካብ ኤርትራ ከምዝወጸ ድሕሪ ምግላጽ፡ ስርዓት ብልጽግና ብ1 ጥቅምቲ 2026፡ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት ንኣፍሪቃን ዝተመደቡ ዝርከብዎም ኩሎም ኤርትራውያን ዲፕሎማሰኛታት ከምዝሰጎጐ፡ እዚ ድማ ንኣህጉራዊ ስምምዓት ዝጥሕስ ቅሉዕ ግህሰት ከምዝኾነ ኣነጺሩ። ሚኒስተር ዑስማን ኣብ መወዳእታ፡ መንግስቲ ኤርትራ ብ9 ጥቅምቲ 2026 ናብ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንዝለኣኾ መግለጺ ብምጥቃስ፡ እቲ ባይቶ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንተጻባኢ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ብትሪ ክዅንኖን ብመሰረት ምዕራፍ 7 ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ግቡእ መግትኢ ስጉምትታት ክወስድን ጸዊዑ።